# ምሕረትን ውርደትን

ር.ሊ.ጳ. ፍራንቸስኮስ

************************************

## Misericordia et Misera

Pope Francis

ኅዳር 2016

ትርጉም ኣባ ግርማይ ኣብርሃ ዘማኅበረ ሲታውያን

## ናይ ር.ሊ.ጳ. ፍራንቸስኮስ ሓዋርያዊ መልእኽቲ
## “ምሕረትን ውርደትን” 2016

**መግለጺ**

ብ22 ሕዳር 2016 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ናይ ቅድስት መንበር ቤትጽሕፈት ዜናን ሓበሬታን እቶም ናይ ሓድሽ ስብከተ ወንጌል ሓላፊ ዝኾኑ ሊቀጳጳሳት ሪኖ ፊሲኬላ፡ ናይ’ቲ ፍሉይ ኢዮቤል ዓመት ምሕረት ምዝዛሙ እንኪገልጹ ናይ ር.ሊ.ጳ. ሓዋርያዊት መልእክቲ “ምሕረትን ውርደትን” እትብል’ውን ብወግዒ ምውጻኣ ዝአወጁሉ ፍጻሜ ነበረ። እዛ ሃዋርያዊት መልእኽቲ ናብ መላእ ቤተክርስትያን ነቲ ኣብ’ዚ ፍሉይ ዓመት ኢዮቤል ዘስተማቐረቶን ዝሕለፈቶን መንፈሳዊ ሃለዋት ንኽትቅጽሎ ምትብባዕ እዩ።

ቫቲካን 22 - ኅዳር- 2016

# Misericordia et Misera-ምሕረትን ውርደትን

እዚ ቅዱስ ኣጎስጢኖስ ንናይ ወንጌል ዛንታ፣ ማለት ኢየሱስን እታ ዘማዊት ሰበይትን ንዝተራኸቡሉ (ዮሓ. 8፡1-11) ኣመልኪቱ ዚጥቀመሉ ሓረግ እዩ።

ዓሚቝ ምስጢር ፍቕሪ ኣምላኽ ነቲ ሓቲኣተይና ውሽጡ ኣንጊሁ ኣትዩ ክትንክፎ ከሎ “ክልቲኦቶም ጥራሕ ማለት ምሕረትን ውርደትን” (ምሕረተይናን እታ ውርደተይናን) በይኖም ተረፉ” (1) ንዚብል ካብዚ ናይ ቅዱስ ኣጎስጢኖስ ሓረግ ንላዕሊ ሕልፊ ኣዕሚቑን ኣጸባቢቑን ዚገልጾ የልቦን።


ኣብዚ ወንጌላዊ ዛንታ ከመይ ዝበለ ዓቢይ ምሕረትን መለኮታዊ ርትዕን እሞ ዘይተገልጸ!! ትምህርቱ ድማ ንምዝዛም’ዚ ፍሉይ ዓመት ኢዮቤል ምሕረት ጥራሕ ዘይኮነስ ነቲ ንሓዋሩ ክንክተሎ ዘሎና መንገዲ ዜብርሃልና እዩ።

“ኣቲ ሰበይቲ እቶም ከሰስትኺ ደኣ ኣበይ ኣለዉ?

ወላ ሓደ’ኳ ዝፈረደኪ የልቦን?

በሊ ኣነ’ውን አይፈርደክን እየ፣

ኪዲ’ሞ ደጊም አይትበድሊ”በላ




(ዮሓ.8፡10-11)

# 1- ደረት ዘይብሉ ፍቕሪ እግዚእብሔር

- እዚ ናይ ወንጌል ዛንታ፡ ነቲ በዚ ቅዱስ ዓመት ኢዮቤል ዘኽበርናዮን ዝዘከርናዮን፣ ኣብ ማኅበራት ክርስትናና ዝነበርናዮን ምሕረት ኣምላኽ ዝዓዘዞ እዋን፡ ምልክትን ትእምርትን ኮይኑ ከገልግል ዚኽእል እዩ።
- ምሕረት ኣምላኽ ኣብ ሕይወት ቤተክርስትያን፡ ሓደ መንም ተደራቢ ነገር ዘይኮነስ፡ ዝዓመቘን ዝረቐቐን ሓቅታት ወንጌል ዚግለጸሉን፡ ግሁድን ጭቡጥን ዝኾነሉ ነቲ ህላዌኣ ብቐንዱ ዚትንክፍ እዩ።
- ኵሉ ነገር ብምሕረት ይግለጽ፡ ኵሉ ኸኣ በቲ ምሕረት ዝዓዘዞ ፍቕሪ እግዚኣብሔር ኣቦ ይረጋገጽ።

# ...1

- ልዕሊ ኵሉ ቀዳምነት ኪወሃቦ ዘለዎ ፍቕሪ ኣምላኽ እዩ።
- እዚ ናይ ወንጌል ዛንታ ድማ ኃጢኣትን ፍርድን ብሕቱ ዚራኸበሉ ዘይኮነስ፣ እታ ኃጢኣተይናን እቲ መድኃኒኣን ፊት ንፊት ዝተጋጠሙሉ እዩ።
- እቲ ናይ ኃጢኣት ውርደት በቲ ናይ ፍቕሪ ምሕረት ተገልቢጡ ወይ ተሸዲኑ ንረኽቦ። ኣብ'ዚ እምበኣር እቲ ናይ ኢየሱስ ፍርዲ ወይ ውሳኔ ንሃለዋት'ታ ኃጢኣተይና ብዘርእዮ ምሕረትን ርኅራኄን ዝተመልአ ኮይኑ ይርከብ።
- እቶም ከሰስታ እምበኣር ኣእማኖም ብምድርባይ፣ ሓደ ብሓደ ካብ'ቲ ፍጻሜ ኪወጽኡ ተረኺቦም (ዮሓ. 8.9 ረአ)። ድሕር'ዚ ኢየሱስ፡ "ኣቲ ሰበይቲ እቶም ከሰስትኺ ደኣ ኣበይ ኣለዉ? ወላ ሓደ'ኳ ዝፈረደኪ የልቦን? በሊ ኣነ'ውን ኣይፈርደክን እየ፣ ኪዲ'ሞ ደጊም ኣይትበድሊ"፣በላ(ዮሓ.8፡10-11)።

## 2- ፍቕሪ እግዚእብሔር ኣቦ ብኢየሱስ ክርስቶስ

- ኢየሱስ በቲ መላእ ሕይወቱን ተግባራቱን ኪገልጾ ዝደለየ፣ ናይ እግዚኣብሔር-ኣቦ ፍቕሪ ርኡይ ምልክቱ፡ሕድገት-ኃጢኣት ምዃኑ እዩ። ነፍስወከፍ ናይ ወንጌል ገጽ’ውን፣ በዚ ክሳብ ሕድገት-ኃጢኣት ምግባር ብዜስገድድ ፍቕሪ ዝተመልአ እዩ።
- ኣብ’ቲ መወዳእታ ሰዓት ምድራዊ ሕይወቱ’ውን እንተኾነ፣ ኣብ መስቀል ኣብ ዝተሸንከረሉ ህሞት ከይተረፈ፣ ኢየሱስ ነተን “ኦ ! ኣቦይ ዚገብርዎ አይፈልጡን’ዮም’ሞ ሕደገሎም” (ሉቃ. 23፡34) ዚብላ ቃላት-ሕድገት’ዩ ከድምጽ ዝተሰምዐ።
- ምሕረት ማለት’ምበኣር፡ እዚ ርኡይን ትሑዝን ናይ ፍቕሪ ተግባር (ስራሕ) ኮይኑ ብሕድገት (ኃጢኣት) ገቢሩ ንሕይወትና ዚልውጥን ዜሓድስን እዩ። በዚ ዓይነት’ዚ ከኣ መለኮታዊ ምሥጢረ ምሕረት ኪግለጽ ይርከብ።

# 3- ንስሓን ምሕረትን ምንጪ ሓቀይና ሓጐስ

- ሕድገት-ኃጢኣት እቲ ናይ ውርደትን ሕፍረትን ንብዓትን ሥቓይን፡ ናብ ፍሽኽታ ይልወጥ፣ ምሕረት ማለት ታሕጓስ ዘፉልፍል እዩ።
- ሕድገት-ኃጢኣት መበቈሉድማ ኣምላኽ ነኣና ኪረክብ ኣብ ዚመጽኣሉ፣ኣብ'ቲ ፍቕሪ እዩ፣ ንሕና'ውን ብወገንና መጋበሪ ምሕረቱ ምእንቲ ኽንከውን፣ ነቲ ከቢቡና ዘሎ ናይ ኣንነትን፡ነኣይ ይጥዓመንን ዚብል መንደቕ ኣፍሪሱ ናባና ዚመጽእ ፍቕሪ እዩ።
- “ነቲ ወትሩ ምስ ኣምላኽ ዚኸይድን ዚሰማማዕን ሓጐስ ደኣ ልበሱ፣በኣኡ እውን ተሓጐሱ፡ ነቶም ዝተሓጐሱ ኵሎም ሠናይ ዘበለ ግበሩ፣ሠናይ ዘበለ ሕሰቡ፣ ንሓዘን ወግዱ፣ እቶም ሓዘን ዘልግሱን ታሕጓስ ዚለብሱን ኵሎም፣ ኣብ ኣምላኽ ሕያዋን ኪኾኑ እዮም”።

# …3- ኹሉ ጊዜ ብጐይታ ተሓጐሱ!

- ሎሚ ብዙሓት ሰባት ዚነብርዎ ዘለዉ ዓሚቝ ስምዒት-ባዶነት(emptiness) ኪሰዓርን ኪስገርን ዚኽእል፣ በቲ ኣብ ልባትና ዝሓደረ ተስፋን፡ በቲ ንሱ ዚህቦ ሓጐስን እዩ። ብምሕረት-ኣምላኽ ካብ ዝተተንከፈ ልቢ ዚወጽእ ሐጐስ ከምዘሎ ክንፈልጥን ክንቅበልን የድሊ።
- እምበኣርከስ "ኹሉ ጊዜ ብጐይታ ተሓጐሱ!"

  (ፊልጵ. 4፡4፣ 1ተሰ. 5፡16) ንዚብል ቃላት ሓዋርያ ወትሩ ንዘክሮ።

# 4- ንጉይታ ነመስግን

- ልዕሊ ኹሉ ድማ ንጉይታ ከነመስግን "ኦ! እግዚኣብሔር ንምድርኻ ምሕረት ገበርካላ፣ ኣበሳ ሕዝብኻ ሓደግካ፣ንብዘሎ ኃጢኣቶም ከኣ ይቕረ በልካ" (መዝ.85፡1-2) እናበልና ክንውድሶ ግቡእ እዩ።
- ኵሉ ኃጣውእና ናብ መዓሙቕ ባሕሪ ዝደርበየልና እዩ።(ሚክ.7፡19) ፈጺሙ'ውን ኣይዝክሮን፣
- ከም'ቲ ምብራቕ ካብ ምዕራብ ዚርሕቆ፣ ከምኡ ከኣ ነቲ ኣበሳና ካባና ፈጺሙ ኣርሒቕዎ እዩ። (መዝ. 103፡12)
- "መንፈስ ቅዱስ ተቐበሉ!ኃጢኣት ንዝሓደግኩምሎም ኪሕደገሎም፡ ንዘይሓደግኩምሎም ግና ኣይኪሕደገሎምን እዩ"፣ (ዮሓ.20፡22-23) ዚብል ቃላቱ ነቲ ተልእኮና የነጽር።

# 5- ምሕረት ኣምላኽ ኣብ ግብረ ኣምልኾ

- ቅድሚ ኹሉ ነቲ ምሕረት(-ኣምላኽ) ከነኽብር ክንዝክር ኢና ተጸዊዕና።
- ቤተክርስትያን ድማ ናብ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ከም መጠን ኣቦ ምሕረት ክትምህለሎ እንከላ፣ ኣብ’ቲ ጸሎታ መጠን ክንደይ ሃብትን በረኸትን’ሞ ዘየሎ!!
- ኣብ ሊጡርጊያ’ውን ምሕረት ኣምላኽ ደጋጊማ እትምህለሎ በይኑ ዘይኮነስ፣ብሓቅን ኣማናዊ ብዝኾነ አገባብን ክትቕበሎን ከተስተማቕሮን ትርከብ። ኣብ’ቲ መሥዋዕተ ቅዳሴ (ቅዱስ ቍርባን) ካብ መፈለምታ ክሳብ መፈጸምታኡ ምሕረት ቀጺሉ ዚመላለስ፣ ኣብ መንጎ’ቲ ኣብ ጸሎት ዝተጸምደ ማኅበር ክርስትናን፣ ኣብ መንጎ ልቢ እግዚኣብሔር-ኣቦ ዚመላለስ መደብ’ዩ፡ እግዚኣብሔር-ኣቦ ነቲ መሓሪ ፍቕሩ ብምሃብ ዚሕጉስ እዩ።
- *“ንዓለም ክሳብ ክንድ’ዚ ስለዘፍቀርካዮ፡ ነቲ ብዘይካ ኃጢኣት ብኹሉ ከማና ኮይኑ ኣብ መንጎና ኪነብር ዝደለኻዮ መድኃኒት፡ ብምሕረትካ ሰደድካልና”*

# . . . 5- ምሥጢረ ንስሓን ዕርቅን

- “ንዓለም ክሳብ ክንድ’ዚ ስለዘፍቀርካዮ፡ ነቲ ብዘይካ ኃጢኣት ብኹሉ ከማና ኮይኑ ኣብ መንጎና ኪነብር ዝደለኻዮመድኃኒት፡ ብምሕረትካ ሰደድካልና”
- ኣብ’ተንክልተ“ናይ ምፍዋስ(ምሕዋይ) ምሥጢራት” ማለት ኣብ ምሥጢረ ንስሓን ዕርቅን፡ ኣብ ምሥጢረ ቅብዓተ ሕሙማንን፡ ምሕረት ኣምላኽ ግልጺ ብግልጺ ከም ዚስመን ዚጽዋዕን ዝተገብረ (ብቤተክርስትያን) ዓቢይ ትርጉም ዘለዎ እዩ።
- ኣብ’ቲ ቀዳማይ፡ እቲ ጸሎተ ፍትሓት ከም’ዚ ዚስዕብ ይብል፤“እቲ ኣቦ ኹሉ ምሕረት ዝኾነ ኣምላኽ፣ ብናይ ወዱ ሞትን ትንሣኤን ገቢሩ፣ ንዓለም ምስ ርእሱ ኣተዓሪቑ፣ ንሕድገት ኃጢኣት ከኣ መንፈስ ቅዱስ ኣብ መንጎና ኣውሪዱ፤ብኣገልግሎት ቤተክርስትያኑ ይቕረታን ሰላምን የሃብካ!”(8)።
- ኣብ’ቲ ካልኣይ ድማ፡ እቲ ሥርዓተ ቅብዓተ ሕሙማን ከምዚስዕብ ይንበብ፤ “በቲ ዝተቐደሰ ቅብኣት ገቢሩ ጐይታ ብፍቕሩን ብምሕረቱን ብጸጋ መንፈስ ቅዱስ ይርዳእካ”

## 6- ቃለ እግዚኣብሔር ምስማዕን ምስትንታንን

- ኣብ ከም’ዚ ዝበለ ኵነታት’ምበኣር ንቓል-ኣምላኽ ጽን ምባል ፍሉይ ትርጉም ዘለዎ ይኸውን። እታ መዓልቲ ጐይታ በቲ ፋሲካዊ ምሥጢር ዝተወልዔት ምእንቲ ኾትከውን፣ ሰንበት-መጽአ ቃል-ኣምላኽ ነታ ማኅበር ክርስትና ኪእወጆላ ይርከብ። (10) ኣብ’ቲ መደብ መሥዋዕተ ቅዳሴ’ምበኣር፣ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሕዝቡን ሓቀይና ምውስሳእ(ዲያሎግ) ኪፍጸም ንርኢ።
- ስብከት ኣብ ምስንዳው ብሓፈሻኡ’ውን ንስብከተ-ወንጌል ብዚርኢ፡ ፍሉይ ተገዳስነት ኪግበር ብጥብቂ ኣማሕጽን። ናይ ሓደ ካህን ቃል ስብከቱ ፍረ ዘለዎ ኪኸውን ዚኽእል፣ መጠን’ቲ ንሱ ነቲ ምሕረት ዝመልኦ ሕያውነት-ኣምላኽ ኣብ ሕይወቱ ዝነበሮን ዘስተማቐሮንእዩ።

# 7- ቅዱስ መጽሓፍን “መለኮታዊ ንባብን”

- ቅዱስ መጽሓፍ ማለት ናይ’ቲ ዘደንቕ ምሕረት ኣምላኽ ዛንታ ዚነግር እዩ። ነፍስወከፍ ገጹ ድማ ብናይ እግዚኣብሔር-ኣቦ ፍቕሪ ዝተመልአ እዩ። ንሱ ካብ ጊዜ ፍጥረት ኣትሒዙ፡እዚ ምልክታት ፍቕሩ ኣብ’ዚ ምድሪ-ዓለም ተሳኢሉ ኪተርፍ ደለየ።
- እቲ ካብ’ዚ ምንጪ ምሕረት ዚፍልፍል ምሥጢር ፍቕሪ፡ኣጸቢቑ ምእንቲ ኪርዳእ፣ እዚ ቃል ኣምላኽ ኣጸቢቑ ኪንገርን ኪኽብርን ክርኢ ምደለኹ። ሓዋርያ ኣነጺሩ ከምዚነግረና፣“እቲ ብመንፈስ ኣምላኽ ዝተጻሕፈ ቅዱስ መጽሓፍ፡ ንትምህርቲ ንተግሣጽ ንምእራም ቅኑዕ ናብራ ንምምሃር ይጠቅም እዩ” (2ጢሞ. 3፡16)
- “መለኮታዊ ንባብ” ዝተሰምየ ጸሎት ዝዓዘዘ ንባብ ቅዱስ መጽሓፍ፣ ነቲ መንፈሳዊ ሕይወት ዚጸውርን ዘደልድልን እዩ።ከም’ዚ ዝበለ ኣብ’ቲ ንምሕረት ኣምላኽ ዚርኢ ቀንዲ ሓሳባት ዝተመርኰሰ ንባብ፣ንናይ ቅዱስ ጽሑፍ ዓቢይ ፈርያምነት ብብውልቂ ከምትስተማቕሮን ከምትነብሮን ዚገብር እዩ።

## 8- “ንሕና ንዝበደሉና ከም ንሓድገሎም ኃጢኣትና ሕደገልና”

- ምሕረት ኣምላኽ ዘኸብረሉን ግቡእ ቦታኡ ዘረኽበሉን፣ ኣብ’ቲ ምሥጢር ንስሓን ዕርቅን ዚፍጸመሉ እዩ።
- ንሕና ኃጢኣተይናታት ብምዃንና ኣብ መንጎ’ቲ ክንገብሮ እንደልዮን፣ ብጭቡጥ እንፍጽሞን ተወጢርናን፡ ጾር ኮይኑናን እንነብር (ሮሜ 7፡14-21) ዘሎና ኢና።
- “ንሕና ንዝበደሉና ከም ንሓድገሎም ኃጢኣትና ሕደገልና” (ማቴ. 6፡12)።
- ልባትና ልኹት ኢሉ ተዓጽዩ፡ ምምሓር ኪሰኣኖ ከሎ፡ ክንደይ’ሞ ዜሕዝን እዩ!! ቅርሕንቲ ቊጥዓ በቖል ዝለዓለ ኢድ ይሕዝ።ንሕይወትና ከኣ ኣዝዩ ዝተወጽዐ ብምግባር፣መደብ ምሕረት ብሕጉስ ተወፋይነትን ቈራጽነትን ንኸይንጭብጥ የዓጽወና።

# 9- ልኡኻን ምሕረት

- ኣብ ምሥጢረ ኑዛዜ (ንስሓ) ንጐይታ ካብ ዝረኸብዎ ወገናት ዝሰማዕክዎ ምስክርነት ሓጐስ ኣሎ፣
- ንእምነትና ከም ናይ ዕርቅን ንስሓን ሃለዋት ክንነብሮ ዘሎና ወይ ዝተዋህበና ዕድል ኪሓልፈና ስኽ ኢልና ኣይንርአ።
- ሎሚ’ውን እንተኾነ እቶም ዚኣምኑ ዘበሉ፣ “ሓዲስ ፍጥረት” ንዚገብረና፡ኣብ ፍቕሪ ዘሎና ኃይሊ ምእንቲ ኪረኽብዎ(2ቆሮ. 5፡17) ሓዋርያ ጳውሎስ “ምስ ኣምላኽ ተዓረቑ” (2 ቆሮ. 5፡20) እናበለ የተባብዕ።

# 10- ኣገልግሎት ምሥጢረ ንስሓ-ኑዛዜ

- ክህነታዊ ተልእኮ ብምዃኑ፣ ካህናት ንኣገልግሎት ኑዛዜ ብዓቢይ ጥንቃቐን ተገዳስነትን ኪሰናደዉሉ ሓደራ እብል።
- ንኹሎም ብጽቡቕ ክትቅበልዎም፣ ናይ ዝፈጸምዎ ኃጢኣት ክብደት ብዘየገድስ ናይ'ቲ ኣባታዊ ፍቕሪ ምስክር ክትኮኑዎም፣ በቲ ዝፈጸምዎ ክፍኣት ንተነሳሕቲ ንኺጠዓሱ ንምሕጋዝም ክትተግሁ፡
- መምርሒ ሞራል ብንጹር ምቕራብ፣ኣብ'ቲናይ ንስሓ ጉዕዞኦም ንምእመናን ብትዕግሥቲ ከተሰንዮም ምድላይ፣
- ውልቃዊ ጉዳያት ኣብ ምግምጋም ኣርሒቕካ ኣስፊሕካ ምሕሳብ፣ናይ ኣምላኽምሕረትን ሕድገትን ኣብ ምዕዳል ድማ ለጋስ ርኅሩኅ ምዃን የድሊ።

# 11-ምሕረት ኣምላኽ ንልባትና ከምዚልውጥን ከምዘሓድሶን

- ሓዋርያ ጳውሎስ ኣብ ምዝዛም ሕይወቱ፣ ንሱ ንርእሱ እቲ ዝገደደ ኃጢኣተይና ምንባሩ ንሕይወትና ተኩርና ንምጥማት ምሕረት ኣምላኽ ንልባትና ከመይ ገቢሩ ከምዚልውጥን ከምዚመልስን ከምዘሓድሶን ከርእየና እዩ።
- “ናቱ እሙን ስለዝገበረንን ንመልእኽቱ ኣብ ፍጻሜ ንምውዓሉ ሓይሊ ስለዝሃበንን፣ ንኢየሱስ ክርስቶስ ኣመስግኖ ኣሎኹ ኣነ’ኳ ብቐድመ ናቱ ጸራፍን ናይ ኣመንቱ መሳደድን ጸላእን ዝነበርኩ እየ፡ እንተኾነ እግዚኣብሔር መሓረኒ” (1ጢሞ. 1፡12-13)።

# . . . 11 24 ሰዓት ንጐይታ!

- ምሥጢረ ንስሓን ዕርቅን፣ ኣብ ሕይወት ክርስትና ማእከላይ ቦታ ኪሕዝ ዚግብኦ እዩ። ነዚ ድማ ንሕይወቶም ኣብ "ኣገልግሎት ዕርቅን ንስሓን" (2ቆሮ.5፡18) ዘውዕሉ ካህናት የድልዩ።
- ዝኾነ ይኹን ብቐንዕና ዝተበገሰ ተነሳሒ ናብቲ ንስሓኡ ዚጽበ ፍቕሪ እግዚኣብሔር ኣቦ ንኪቕርብ ዘጸገሞ ነገር ኣይክህሉን እዩ። ነፍስወከፍ ሰብ ድማ ነቲ ናይ ሕድገት ኃጢኣት ሓራ ዜውጽእ ኃይሉ ኪነብሮን ከስተማቕሮን ይኽእል።
- ነዚ ኹሉ ምቹእን ጥዑምን ዝኾነ ኣጋጣሚ እቲ <u>24 ሰዓት ንጐይታ ንጐይታ </u>ዚብል መደብ እዩ።

# 12- ምንጻል ጽንስን ንካህናት ዝተዋህበ ሥልጣን ፍትሓትን

- ካብ ሕጂ ንደሓር ንኹሎም ካህናት በቲ ዘለዎም ስልጣን ተልእኮት፣ ነቶም ኮነ ኢሎም ናይ ምስዓድ ወይ ምቁራጽ ጽንሲ ኃጢኣት ዝፈጸሙ'ውን ፍትሓትን ሕድገትን ኪህቡ ኣፍቅደሎም ኣሎኹ።
- በዚ ቅዱስ ዓመት ኢዮቤል እቶም ብዝተፈላለየ ምኽንያት፡ብናይ ቅዱስ ፕዮስ 10ይ ማኅበር ካህናት ኣብ ዚግልገላ ኣብያተ ክርስትያን ዚመላለሱ ምእመናን'ውን ብብቑዕን ግቡእን ኣገባብ ናይ ኃጢኣቶም ሕድገትን ምሥጢረ ፍትሓትን ኪረኽቡ ፍቓድ ሂበ ኣሎኹ።
- ነዚ ፍቓድን ክእለትን'ዚ ክንየው ዓመት ኢዮቤል ሓሊፉ ኪሽይድ ባዕለይ እውስን ኣሎኹ።
- እቲ ካልእ ገጹ ንምሕረት ድማ ምጽንናዕ እዩ። "ንሕዝበይ ኣጸናንዑ! ኣጸናንዕዎ!" (ኢሳ. 40፡1)
- ኣብ'ቲ ዝተንሠአ ጒይታ ካብ እትውለድ እምነት ንዝተረኽበት ተስፋ፣ ካብ ሕይወትና ከምዘይቶጠፈር ንግበር።

# 13- ንኩሉ መልሲ ስለዘይብልና ስቕታውን ሓደ ክፋል ምጽንናዕ እዩ

- ቅንእን ቅርሕንትን ቁጥዓን ካብ ዚውለድ ነገራም ኣዘራርባ፣ ከመይ ዝበለ ሥቓይ ዘየስዕብ!! ክትጥለምን ክትዕመጽን ብዘይኣገባብ ክትንጸልን ከሎኻኸ፡ ከመይ ዝበለ ዓሚቝ ሥቓይ ዘይወርደካ!! እትፈትዎ ወገንካ ብሞት እንኪፍለየካኸ፡ ከመይ ዝበለ ሓዘን ዘይወርሰካ!! እንተኾነ ኣብ'ዚ ኹሉ ጊዜ ጸበባ፣ ኣምላኽ ካባና ፈጺሙ ኣይርሕቕን እዩ።
- እቶም ዚሣቐዩ ወገናት ንዘቕርቡልና ሕቶ ዚብቅዕ ምላሽን ቃላትን ኣብ ዘይንረኽበሉ ህሞት፣ ስቕታ ሓጋዚ ኪኸውን ዚኽእለሉ ግዜ ኣሎ።
- ስቕታ ናይ ዓቕሚ ምስኣንን ኢድካ ናይ ምሃብን ተግባር ኮይኑ ኪግመት ሓቂ ኣይኮነን። ብተጻዩ'ኳ ደኣ ናይ ብርታዐን ፍቕርን ሃለዋት ዚገልጽ እዩ።
- ስለዝኾነ ስቕታ ናይ'ቲ ቛንቋ ምጽንናዕ ሓደ ክፋል እዩ።

# 14- ፍቕርን ምሕረትን ኣብ ስድራቤትን ኣብ ማሕበር ክርስትያንን

- ናይ ኪዳን ውህበት ዓቢይ መጸዋዕታ፣ ብጸጋ ክርስቶስ ተደሪኾም ለጋስን ዕጉስን እሙንን ብዝኾነ ፍቕሪ ኪምለሽሉ ዘለዎ ጸዋዕታ እዩ።
- "እቲ ስድራቤታት ዘስተማቕርኦ ሓጐስ ፍቕሪ ናይ ቤተክርስትያን ሓጐስ'ውን እዩ"።
- ጸጋምሥጢረ ተኽሊል ንስድራቤት ምሕረት-ኣምላኽ ንኸተዘው ትር ዘበራትዓ ብሕቱ ዘይኮነስ፡ ንመላእ ማኅበር ክርስትና ንኹሉ'ቲ ሓዋርያዊ ንጥፈታተን'ውን ነቲ ናይ ስድራቤት ኣወንታዊ ቁምነገርን ክብርን ንምዕቃብ ዚሕግዝ እዩ።
- ነፍስወከፍ ሰብ ሓደ'ኳ ከይተረፈ፣ ብኣምላኽ ተቐባልነት ከምዝረኸበ ምእንቲ ኪስመዖ፡ ኣብ ሕይወት'ታ ማኅበረ ክርስትና ድማ ብንጥፈት ተሳቲፉ ኣባል ሕዝቢ እግዚኣብሔር ንምኳን ይበቅዕ።

# 15- ሰዓት ሞትውን ናይ ምሕረት ጊዜ ክኸውን ኣለዎ

- ኣብዚ ሓዲሽ ኣተሓሳስባን ሕንጸተሰብን ብሓቂ በዳሂ ኩነታት’ዩ ዘጋጥመና፡ ንሞት ኣነኣኢስካ ምርኣይ ወይ ካብኡ ክትሃድም ወይ ካባኻ ከምዚኽወል ምግባር እዩ።
- ግን ከኣ ሰፊሕን ዓሚቝን ትርጉም ዘለዎ፡ ብመንጽር’ቶም ንድሕሪና እንሓድጎም ብመንጽር’ቲ ክንራኸቦ እንኸይድ ዘሎና ኣምላኽን ኪረአ ከሎ፣ ሞት እቲ ናይ መወዳእታ ፍቕሪ ዚግለጸሉ እዩ። ኣብ ኵሉ እምነታት (ሃይማኖት) እዛ ሰዓት ሞት፡ ልክዕ ከም’ታ ሰዓት ልደት፣ ዝኾነ ዓይነት ሃይማኖታዊ መንፈሳዊ ሃለዋት ዝዓዘዛ እያ።
- ከም መጠን ክርስትያን ድማ ነቲ ናይ ሥርዓተ ቐብሪ ኣገባብ ጸሎት ክንፍጽም ከሎና፣ ነታ ነፍሲ መዋቲ ከምኡ’ውን ነቶም ብሞት ፈታዊኦም ዚሣቐዩ ስድራቤት፣ ተስፋ ዝዓዘዞ ጸሎት ነዕርገሎም ከምዘሎና ይርደአና።

## 16- ምዝዛም ዓመተ እዮቤል ምሕረት፣ ምዕጻው ማዕጾ ልባትና ከምዘይኮነ

- ናብ ክርስቶስ ገጽና ክንቀርብ ዘሎና ባህጊ፣ ናብ ኣኅዋትናን ኣኃትናን ገጽና ንምቕራብ ዚድርኸና እዩ።
- እግዚኣብሔር-ኣቦ ከም'ቲ ሓቀይና ምልክት ምሕረት ገቢሩ ዘሓጕሶ ካልእ ፈጺሙ የልቦን። ምሕረት ኣምላኽ ብባሕሪኡ፡ ኣብ ፍሉይ ተግባራትን ኩነታትን ርኡይን ጭቡጥን ዚኸውን እዩ።
- ምሕረት ኣምላኽ ሓደ ግዜ ብሓቂ ምስ ኣስተማቐርካዮ፡ ንድሕሪት ኪምለስ ዘይከኣል እዩ። ቀጺሉ ዚዓብን ንሕይወትና'ውን ዚልውጥ እዩ።
- ምሕረት ኣምላኽ ንኽልተ ልብታት ማለት ነቲ ኪራኸበና ዚመጽእ ልቢ-ኣምላኽን፡ ነቲ ሰብኣዊ ልብን ዘራኽብ ብምኻኑ፡ ዘሓድስን ዜድሕንን እዩ።

# 17- ናይ ምሕረት ዓርብታትን ግብረ ሠናይን

- ንድኻታትን ንዘይሕጉሳትን ቀጻሊ ሕብረቶም ዜርእዩ ብዙሓት ናይ ግብረ-ሠናይ ሓቀይናታት ጀጋኑ ኣለዉ።
- ነቶም ኩሎም በብዕለቱ ምእንቲ ናይ ኣምላኽ ቅርበትን ህላዌን ግዜኦም ጉልበቶምን ዘወፍዩ ኩሎም ብምስጋና እሓስቦም ኣሎኹ።
- ነቶም ድኹማትን ውጹዓትን፡ ነቶም ዝተነጸሉን ዝተገለሉን ብዙሕ ናይ ሕያውነትን ሠናይነትን ርኅራኄን ርኡይ ነገራት ይገሃደሎም እዩ።
- እቲ ዚህብዎ ኣገልግሎት ናይ ምሕረት ንጹሕ ተግባር፣ ንብዙሓት ሰባት ናብ ቤተክርስትያን ንኺቐርቡ ዚሕግዝ ስራሕ እዩ።

# 18 -ሓደስቲ መደባት ናይ ምሕረት ምንዳይ ኣድላዪ ከምዝኾነ

- ፍረ ጸጋ ዝኾነ ሓዲስ ተበግሶታት ዚግበረሉ
- ሎሚ ዘላ ቤተክርስትያን ድማ ነቲ ኢየሱስ ዝፈጸሞ ግና "ዘይተጻሕፈ"(ዮሓ.10፡30)"ካልእ ትእምርታት" ክትነግረሉን ከተበሥሮን ኣለዋ
- ክልተ ሽሕ ዓመት ሓሊፉ ክነሱ፡ እቲ ናይ ምሕረት ስራሕ ግን መርኣያ ሠናይነት ኣምላኽ ምኻኑ ጋና ይቕጽል ኣሎ።
- ምግብን ስራሕን መንበሪ ቤትን ሰላምን ደልዮም ካብ ሃገር ናብ ሀገር ዚግዕዙ ሕዝብታት'ውን ይቕጽሉ ኣለው ብዝተፈላለየ መልክዕ ዚመጽእ ሕማማት እውን ምንጪን ምኽንያትን ስቓይ ኾይኑ ንረድኤት ምጽንናዕን ደገፍን ዜእዊ እዩ።
- ንምዝዛም ድማ እቲ ሥጋዊ ኮነ መንፈሳዊ ግብረ ምሕረት፣ ኣብ'ዚ ግዜና'ውን ከይተረፈ፣ ምሕረት ኣምላኽ ከም ማኅበራዊ ቁምነገርን ክብርን ዓቢይ ጽልዋ ከምዚህልዎ መረጋገጺ እዩ። እጅግና ሰብሲብና ነቶም ሚልዮናት ዘጥፍእቆ ክብረ ግርማ ንኽንመልሰሎም ምሕረት (ኣምላኽ) ዘገድደና እዩ፣

# 19- ምልክታት ፍትሕን ምሕረትን

- ዓለምና ንሰብኣዊ ክብረ-ግርማ ዚሃሲ መንፈሳዊ ይኹን ግዙፍ ዓይነት ሓዲስ ድኽነት ኣብ ምፍልፋል፣ ጋና ይቕጽል’ዩ ዘሎ።
- ሓዲስ ዓይነት ግብረ ምሕረት ኣብ ምልላይን ምፍላይን፡ ብልግስን መንፈሳዊ ባህግን ኣብ ግብሪ ንምውዓልን ክትዕጠቕ ኣለዋ።
- ግቡእን ብቑዕን ግብረ ሠናይን ግብረ ምሕረትን ንምፍጻም ዜኽእለና ፍሉይን ምርኡይን ጻዕሪታት ክነወሃህድ የድልየና።
- ምሕረት ኣምላኽ ንኹሉ ዜጠቓልል፡ ክምኡ’ውን ደረት ሰጊሩ ዚዝርጋሕን ዚሰፍሕን ዓቕሚ ኣለዎ። ምእንት’ዚ ክኣ ነቲ ልሙድ ዝኾነ ግብረ ምሕረት፡ ሓዲሽ መግለጺ ክንህቦን ክንምህዘሉን ተጸዊዕና ኢና።
- መስቀል እምበኣር ኢየሱስ ኣብ ናይ’ቶም ክብሮም ዝተገፈፉን፡ ንሕይወት ካብ ዜድሊ ኩሉ ዝተነፍጎምን ኣብ ሕይወቶምን ዕድላቶምን ምስታፉን ዜርኢ እዩ።

# . . .19- መንፈሳውያንን ሥጋውያንን ናይ ምሕረት ስራሓት

- ቤተክርስትያን “ክዳን / ቀሚሽ ክርስቶስ” ተባሂላ ትጽዋዕ። ምስ’ቶም ናይ’ዚ ዓለም’ዚ ዕሩቓት ሓድነት ክትገልጽ፣ ዝተገፈፉ ክብሮም ዳግማይ ንኪረጋገጽ ብተወፋይነት ትሰርሕ። “ዓሪቐ ነይረ ኣልቢስኩምኒ”(ማቴ.25፡36) ዚብል ቃል ኢየሱስ ነቲ ብሓዲስ መልክዕ ድኽነትን ተነጽሎን ዚመጽእ ዘሎ፣ ንሰባት ብኽብረት ምንባር ዚኸልኦም ዘሎ ሸለል ንኸይንብሎ፡ ዘገድደና ቃላት እዩ።
- ምሕረት (ኣምላኽ) ማኅበራዊ  ጠባይ ንርእሱ ጠጠው ኢልና ክንርኢ፣ ገለ’ኳ ከይገበርና ስቐ ክንብል  ዘፍቅድ ኣይኮነን።
- መደብ ፍትሕን ክብረትን ዘሎዎ ሕይወት፣ ከም ሓደ መንም እትደጋግሞ ነገር ዘይኮነስ፣ ንህላዌ መንግሥቲ እግዚኣብሔር ናይ ዚምስክሩ ርኡይ ቈራጽነትን ተወፋይነትን ዚረኣየሉ፣ ብንጥፈትን ብዘይ ዝኮነ ይኹን ረብሓን ነቲ መደብ ፍትሕን ክብረትን ንምውፋይ መንፈስ ቅዱስ የሓግዘና።

# 20- መሠረታዊ ናይ ምሕረት ሓሳብን ባህልን

- ናይ ምሕረት ባህሊ ዝዓብለሎ ኣነባብራን ኣሰራርሓን ከነማዕብል ተጸዊዕና ኣሎና
- ተግባራት ምሕረት ንሕይወት ሓደ ውልቀሰብ ብምሉኡ ዚትንክፍ እዩ።
- በዚ ምኽንያት'ዚ ኸኣ፣ በቲ ንሥጋን መንፈስን ማለት ንሕይወት ሰባት ብቐንዱ ዚትንክፍ ተራ ምልክታትን ተግባራትን ጀሚርና፣ ሓደ ናይ በሓቂ ናይ ኣተሓሳስባን ኣነባብራን ኣገባብ ዘሓድስ መደብ ለውጢ ከነካይድ ንኽእል ኢና።
- እዚ እታ ማኅበር ክርስትና ክትፍጽሞ ዘለዋ ኃላፍነት እዩ።
- እዚ ናይ ምሕረት ኣተሓሳስባን ኣገባብን ኩሉ መሥርዑን መልክዑን ዚህቦ እቲ ቀጻሊ ጸሎት እዩ።

# 21- መሓሩ ክትመሓሩ

- እዚ ኢዮቤል’ዚ ነቲ ቃላት ጴጥሮስ ሓዋርያ ኣባና የስርጸልና ‘ቅድም ምሕረት ኣይረኸብኩምን ነበርኩም፡ ሕጂ ግና ተማሒርኩም ኢኹም” (1ጴጥ.2፡10)።
- ነቲ ዝተቐበልናዮ ብቐንእን ብሕግብግብን ኣይንሓዞ፣ ምስ ካልኦት ኣኅዋትን ኣኃትን (ዜድልዮም) ክንሳተፎ፣ ንሳቶም’ውን ብኃይሊ ምሕረት ኣምላኽ ኪጸንዑን ኪብርትዑን ዚኽእልሉ ገለ ኪመሃዝ ኣለዎ።
- እቶም ድኻታት ካብ ካልኦት ንዚመጽእ ሸለልትነት ሰጊሮም፣ ክብረትን ሓልዮትን ተገዳስነትን ከምዝረኸቡ ኪስመዖም ከሎ፣ እቲ እዋኑ ብርግጽ እዋን ምሕረት እዩ። ዝኾነ ይኹን ኃጢኣተይና ሕድገት ንምልማን ዘይስልክየሉ፣ ኩሎም’ውን እግዚኣብሔር-ኣቦ ከምዚቐበሎም ዚርድኡሉ በሓቂ እዋን  ምሕረት እዩ።
- ኣልኣዛር ኣብ አፍደጌታትና ክሳብ ዘሎ ከኣ(ሉቃ.16፡19-20) ፍትሒ ኮነ ማኅበራዊ ሰላም ክህልዎ ኣይኽእልን።

## 22- ረድኤት ቅድስት ድንግል ወላዲተ ኣምላኽ

- ኣብ ኵሉ'ቲ ስራሓት ስነጥበብ ወትሩ ከም እትረአ፣ እዛ ኣደ ምሕረት ኣብ ትሕቲ ጽላል ባርኖሳ እያ እተዕቍበና።
- ንሕና'ውን ኣብ ትሕት'ዚ እናታዊ ረድኤታ ንማሕጸን፣ ከም'ቲ ምኽራ ድማ፡ ነቲ ምሕረት ኣምላኽ ዘንጸባርቐ ንዝኾነ ገጹ ኢየሱስ ወትሩ ንጠምቶ።

እግዚኣብሔር ይሃበለይ!